# 9ይ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመርካ።

ነሓሰ (August) 2-5, 2007

መድኃኔ ዓለም ቤ/ክ ኣትላንታ፡ ጆርጅያ።

“ንሱ ንጽድቕኻ ከም ብርሃን፡ ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ ኬውጽኦ እዩ። ንእግዚኣብሔር ሃዲእካ ተጸበዮ…በቲ ሕሱም ሃቐና ዝፍጽም ሰብ ኣይትኾሪ። እኩያት ኪጸንቱ እዮም፡ ንእግዚኣብሔር ዝጽበይዎ ግና ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም።” መዝ 37፡ 6-8።

# ንመሠረተ-እምነትን ሥርዓትን ዝምልከት፡ ብተደጋጋሚ ካብ ዝቐርቡ ሕቶታትን መልሱን

- ቅዱስ ቁርባን
- ንመንን?
- መኣስን?

# ቊርባንን ምሥጢረ ቊርባንን ፍልልዩ እንታይዩ?

## 1. ቊርባን

ቊርባን ማለት ሰብ ንኣምላኹ ዘቕርቦ መስዋእቲ (ሓጢኣት/ምስጋና/መብጽዓ) ማለትዩ። ንኣብነት እግዚኣብሔር ተሓጒሱ ዝተቐበሎ ቊርባን፦-

-ኣቤል ዘቕረቦ ምስዋእቲ ኣባጊዕ (ዘፍ 4፥4)፤

-ኖህ ዘቕረቦ ዝሓርር መስዋእቲ ንጹህ ኣንስሳን እዕዋፍን (ዘፍ 8፥20-22)፤

-ኣቦና ኣብርሃም ኣብ ክንዲ ይስሃቕ ወዱ ንዝሓርር ምውስዋእቲ ዝሰውኦ ድዑል (ዘፍ 22፥9-14)፤

-እሳራኤላውያን ዝሰውእዎ ናይ ፋሲካ መስዋእቲ (ዘጸ 12፥1-28)፤

-ከምኡውን መልከጸደቕ፡ ካህን ልዕሉ ኣምላኽ ናይ እንጌራን ወይንን መስዋእቲ ሒዙ ንኣብርሃም ከምዝተቐበሎ (ዘፍ 12፥3-8)።

2. ኣብ ኦሪት እቶም ዝበደሉ ኣብ ስጋን ናይቲ ዝስዋእ እንስሳ ኣእዳዎም የንብሩ፤ እቲ ነንፍሲ ዘተዓርቓ ደም ግን እቲ ዝተቐብአ ካህን ሒዝዎ ናብ መቕደስ ይኣቱ (ዘሌ 1፡1-9, 17፡11)

3. ብመስዋእቲ ዘይዕረቕ ሓጢኣት ነይሩዶ? እወ ብሞትን (ብዳርባ እምንን) ዘቕጽዕ ብልዕልቲ ኢድ ዝተፈጸመ ሓጢኣት ነይሩ (ዘሌ 20)

4. መስዋእቲ እንስሳ ሓጢኣት ኩሉ ዓለም ከርሕቕ (ከጥፍእ) ይኽእልዶ? ኣይክእልን። “…ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ከርሕቕ ኣይከኣሎን እዩ።” እብ 10፡4

# 2. ምሥጢረ ቍርባን

"…ኢየሱስ እንጌራ ኣልዓለ ባሪኹ ቆሪሱ…እዚ ስጋይ እዩ፡ ውሰዱ ብልዑ በሎም። ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፡ ካብዚ ኩሉኹም ስተዩ።

"ክርስቶስ… ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ምስ ኣቕረበ …እምበኣርሲ ኣብቲ ናይ እዚ ይቕረታ እዚ ዘለዎስ፡ ደጊም መስዋእቲ ስለሓጢኣት ኣየድልን እዩ።" እብ 10፡12, 18።

ምሥጢር ዝተባህለሉ ምኽንያት እቲ ጽሩይ ስርናይን ወይንን ብኸመይ ናብ ስጋን ደምን ወልደ እግዚኣብሔር ከምዝልወጥ ክንርድኦን ከነስተውዕሎን ስለዘይንኽእል እዩ።

ስለዚ ቅዳሴ ብመሰረቱ ዚስራዕ ስጋን ደምን ክርስቶስ ንምድላው እዩ።

ይ.ካ. እዚ ናይ ብሓቂ ሥጋ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ፥ ኣሚኖም ካብኡ ንዚቕበሉ ንሕይወትን ንመድኃኒትን ንሥርየት ኃጢኣትን ዚወሃብ እዩ።

ይ.ካ. ኣኣምን ኣኣምን ኣኣምን ክሳዕ ዳሕረይቲ እስትንፋስ፥ እዚ ናይ ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ብኽልተ ወገን ድንግል ዝኾነት ካብ ቅድስቲ እግዝእትነ ማርያም ዝወሰዶ፥ ምስ መለኮቱ ሓደ ዝገበሮ፥ ሥጋኡን ደሙን ከም ዝኾነ እኣመን። ብዘይ ምትሕውዋስን ምድብላቕን፥ ብዘይምፍልላይን ምልውዋጥን ብዘመን ጴንጤናዊ ጲላጦስ ብሠናይ ምስክርነት ሰማዕት ዝኾነ፥ ምእንታና ምእንቲ ሕይወት ኵልና ኣኅሊፉ ዝሃቦ እዩ። (ቅዳሴ ሓዋርያት)

# ቅዱስ ቁርባን ንምንታይ ንወስድ?

-ህይወት ኪንረክብ (ዮሃ 6፡57)

-ሕድገት ሓጢኣት ኪንረክብ (ማቴ 26፡26-27)

-ምግቢ ሓቅን መስተ ሓቅን ስለዝኾነ ብመንፈስ ክንዓቢ (ዮሃ 6፡35)

-ንሕና ኣብ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ከኣ ኣባና ምእንቲ ክንነብር(ዮሃ 6፡56)

-ስሌና ዝሞተ ክርስቶስ ክንዝክርን ቃል ኪዳንና ክነጽንዕን (1 ቆረ 11፡28)

ብሓጺሩ ክርስትያን መንገደኛዩ፡ እምነት ክርስትና ከኣ ናይ ሓደ ህያው ሰብ ናብራ እዩ። ካብ ምግቢ ዝፍለ ሰብ ሓይልን ጥዕናን ከምዝይረክብ ኩሉ፤ ካብ መኣዲ ኣምላኽ ዝተፈለየት ነፍሲ ድማ ድኽምቲ ንዓለምን ሰይጣንን ዝተቓልዐት ያ።

# ቅዱስ ቁርባን ንመን መአስን?

"…ኢየሱስ እንጌራ ኣልዓለ ባሪኹ ቆሪሱ…እዚ ስጋይ እዩ፡ ውሰዱ ብልዑ በሎም። ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ ሃቦም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፡ ካብዚ ኩሉኹም ስተዩ።

ርእሱ መርሚሩ፡ ተናሲሑ፡ ስጋን ደምን ናይ ኣምላኽ ኪቕበል ፍቓደኛ ንዝኾነ ኩሉ ወዲ ቤተክርስትያን። "ከይተገብአ እዛ እንጌራ እዚኣ ዚበልዕ ወይስ ጽዋእ ጎይታ ዚሰቲ ንሱ ኣብ ናይ ጎይታ ስጋን ደምን እዩ ዚዕግብ።…እንተዘየለለየ ንርእሱዩ ፍርዲ ዚበልዕን ዚሰትን" 1 ቆረ 11፡27-28

መአስ? ኩሉ ግዜ…ኣብ ንእስነት፡ ማእከላይ ዕድመ፡ ክሳብ ሞት።

ኣብ ክንደይ እዋን? (ከም ስርዓትና፡ እንተ ነውሐ ኣብ 40 መዓልቲ)

ስለምንታይዩ መኣዲ ኣምላኽ ብህጻናትን ዓበይቲን ጥራሕ ዝውሰድ?

(ክፉት ዘተ)